# ድፈርዎ ደፋፍርዎ

## ኤርትራውያን እንታይ ትጽበዩ ኣለኹም?

ርእሰ ዓንቀጽ
ግንባርቶሮንቶ ዳት ኮም

ማርች 28፡ 2019


ኣባ ተኽለሚካኤል ተወልደ


ኣልማዝ በየነ

ሰላም ኣብ መላእ ዓለም ዘለኹም ሓርበኛታት ኤርትራውያን።

ካብ 1991 ክሳብ ዛጊት፡ ን28 ዓመታት፡ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ንኤርትራውያን ብምፍርራሕን ብምእሳርን ብምቕታልን ንጣር ቁልዒ ከይትባራዕ

ክዓባብጣ ኢዩ ጸኒሑ። ወያ ንጣር ቁልዒ ግን ሳላ ሓርበኛታት፡ ድሮ ሽኻ ኣባሪዓ'ስ መሬት ባዕ ባዕ ኣቢላቶ ትርከብ። ደጊም፡ ኣብ ዘለና ሃሊና፡ ናብቲ ሽኻ ወሪድና፡ ፈጽምና ብዓውታ ነስምዕ።

ክሳብ ሕጂ ይእክል! . . . ይኣክል! . . . እሱራት ይፈትሑ፡ ዶብ ይተሓንጸጽ፡ ቅዋም ይተገበር ኢልና ዘስማዕናዮም ፈጽሚታት፡ ድሮ'ኳ ፍረ






ሂቦም'ስ፡ እቲ ብራዕዲ ዝተዋሕጠ ጭፍሉቕ ኢሳያስ፡ “40 መዕርፎ ነፈርቲ ክሃንጸልኩም'የ” ኢሉ ዓፍራ ከምዝዓፍር ጌርናዮ ኣለና። ዮሃና ሓርበኛታት ኤርትራውያን።

ደጊም “ይኣክል! ውረድ ኢሳያስ!” ንበሎ። ጠመተታትናን ነድርታታናን፡ ናብቲ ሕሰምን ድኽነትን ሞትን ዘስዕበልና ዘሎ ኢሳያስ ነቕናዓዮ።




(ዲሲ)

ቀልብናን ሃምናን ናብ ኢሰያስ ኣተኩርና፡ ንዕኡ ንድፈሮ ንደፋፈሮ። ንዕኡ ውረድ ንበሎ። ኤርትራውያን እንታይ ንጽበ ኣሎና?

ከምቶም ሓርበኛታት ኤርትራውያን ዝበልዎ ከኣኒ ባዕላትና እሱራት ክንፈትሖም ኢና፡ ዶባትና ባዕላትና ከነሐንጽጾም ኢና፡ ቅዋም ባዕላትና ከነተግብሮ ኢና፡ ንበል።

እዋን በቃ ኣኺሉ'ዩ። ነቶም ኣብ ናይ FACEBOOK ቅርዓት ወወጺኦም፡ ፈጽምታቶም ዘስምዑ ዘለዉ ኤርትራውያን፡ ሕጂ ኢደይ ኢድካ ንበሎም። ነጥበ መቐይሮ ኮይኑዎ'ዩ መላሲ የብሉን፡ ከም ባርዕ በረኻ ቃል ቃል ይብል ኣሎ። ፈጽምኻ ሃየ ኣስምዕ። ፈጽምኺ ሃየ ኣስምዒ።